# ተሳኺና ሓቢርና ንህግደፍ ነልግስ
# ጥዑም ዘበን ክኮነልና ሰላም ንክነግስ

*ብ ገ/ሚካኤል ሃብተጽዮን (ቐርጂ)*

24.ሓምለ 2010

ጥልመት ንሰማእታትና
ጥልመት ንኣካለ ስንኩላትና
ጥልመት ንየዋህ ህዝብና
ጥልመት ንሓርበኛታት ጀጋኑና
ጥልመት ንብሂራትና
ጥልመት ንኣዉራጃታትና
ክብሪ ተነፊግዎም ወለድና

ኣንታ ሰብኣይ ኮይኑ ስሙ ኣቦ ጂግና
ክብሪ ስኢኖም መራሕቲ ሃይሞኖታትና
ስልጣኑ ጨዉዩዎሞ ንህዝብና
ደቆም መንጢልቆም ንስድራና
እዚ ኹሉ ግፍዒ እንዳተፈጸመ እንዳሬኤና
ዓገብ ዘይትብሉ’ታ እንታይ’ዩ ዓዚሙና
ካብ ፋሽሽቲ ስርዓት ህግደፍ እንታይ ረብሓ ኣሎና
እንዳረኤናዮ በዕንትና

እንዳ ኣሽካዕለልና እንዳሓጨጨልና
ኢሂን ሚሂን ንበሃል ማዕረ’ዩ ረብሓና
ኣብ ልብኹም ተመለሱ ነድሕኖ ህዝብና።

ህዝበይ ከይትሓርስከይትሓፍስ ምህርታ
ንኩሉ ሸይጥዎ እቲ ስብሕ መሬታ
ደቃቶም ገይርዎም መፈወንቲ
እንዳበሉ ክተቱ ክተታ
ሃዋርያ ህግደፍ ፈተዉቲ ሕሜታ
ሓሶታት ዘየሕፍሮም ቁዱዳት ሎቘታ
ይኣኽለኩም ልግጫ ጸወታ።

ኩሉ ዘረብኦም ኣባልዓ እንጌራ
ፈሓስቲ ተንኮላት በዓል እንኪሒራ
ሓሶት ዘየሕፍሮም ኣልቦ ጃህራ
ጸረ ሰላም ጸረፍትሒ በታተንቲ ስድራ

ንዉጹዕ ህዝብና ክፈኽሰሉ ጸሩ
ክንቃሳቀስ ዘሎ ተሓይሩ
መቁሑ ክፍታሕ ዘሎ ታኣሲሩ
ንህግደፍ ክንምሕዎ ሱሩ ሰራዉሩ
መን ከማና በሃልቲ ከይሓፈሩ
ብኻልኦት ዝዋራዘዩ ዉሻጥኦም ከይኮስተሩ።

ብዓለም ዝተመስከረሉ ትዕቢተኛ
ሕጊ-ኣልቦ ዘይቅይዶ ዳኛ
ከቢሩ ዝሓሰረ ዉርደተኛ
ትፍኡ ዘልምጽ ሓሳዊ ጀህረኛ
ንኩሉ ዘናእስ ትምክሕተኛ
መን ከማይ በሃላይ ሓሳዊ ጉረኛ
ብህዝቢ ተሓታቲ'ዩ ገበነኛ።

ጻሕታር ዉግእ ምስ ጎረባብትና
ዓገብ ንዝበሉ ዘርዮምና
ኣሜርካ ኢዮም ጸላእትና
ኣይንወጽእን ካብ መሬትና
ዘዉጻኣና ክንርእዮ'ና
ባዕሉ ወሪሩ ተወሪርና
ጻሓይ ዋላ ኣይትብረቅ ካብ ባድመ ወጻእና
ዓለም ብዓለማ ተቓይያ ለሚና
ንጥፍኣት ንዉግእ በለ ደንጉዩምና
ትሕዝቶ ዘይብሎም ጥርሑ ገረወኛ
እንተደሊና ኣሕጽር  ኣሕጽር ከነብሎ ኢና
መቐለ ተመሲሕና ኣዲስ አበባ ድራርና
እንዳበለ ፈከረ ሓሶቱ ዓብሎኾና
ኣድፍርዎም ንህዝብና መሬትና
ኣጥፍእዎም ንመንእሰያትና።

ብዓለም ተለሚኖም ምስ ኣቅበጹ
ንጥፍኣት ኣሕዋትና ተረበጹ
ብሰላም ይፈታሕ ኢሎም ንዘድመጹ
ዓገብ ንዝበሉ ዝገሰጹ
ኣስማት ለጠፈሎም መመሪጹ
ሃገር እንዳባደመት በለ ተሃኒጹ
ኢደ-በይዛ ንህዝቦም ዘይድንግጹ
ክነብሩ ዝሓለሙ እንዳዓመጹ
እምቢ ንዝበሎም እንዳቑረጹ

ዉርደትን ሕፍረትን ንህግደፋዉያን!
ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና!
ዓወት ንዉጹዕ ህዝብና !